
መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ጴጥሮስን፡ ናይ ጸሎት ሓይልን



ጸሓፊ ፡- Edward Hughes

ገላጺ ፡- Janie Forest, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጋሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ሓዋርያ ጴጥሮስ ኣብታ
ሃገረ ብምልእታ እንዳዞረ
ብዛዕባ ኢየሱስ
ይምስክር ነበረ፡



ሓደ መዓልቲ ኣብ ሓንቲ ልዳ
እትበሃል ከተማ ምስ ሓደ
ንሸሞንተ ዓመት ዝለመሰ
ሰብኣይ ምስ ተራኸበ፡ ጴጥሮስ
"ኢየሱስ ክርስቶስ የሕውየኩም
እዩ እሞ፡ ተንስእ እሞ ዓራትካ
ኣንጽፍ በሎ" እቲ ሰብኣይ ድማ
ብኡንብኡ ተንስአ ።

ነዚ ዝረኣዩ ሰባት ድማ
ናብ ጐይታ ተመልሱ።



ኣብ ጥቃ ልዳ ዝነበረት ከተማ ኢዮኤ ዝነበሩ ሰባት ኣብ ሓዘን ኢዮም ነይሮም፡ ሓንቲ ዶርቃስ እትበሃል ክርስትያን ሰበይቲ ኻብ እትመውት ብዙሕ ኣይገበረትን ነይራ፡ እቶም ፈተውታ ድማ ነቲ ሬሳ ንቐብሪ ኣዳልዮም ኣብቲ ላዕላይ ደርቢ ኣንቢሮም ይሓዝኑ ነይሮም።



ፈተውቲ ዶርቃስ ግን ጴጥሮስ
ኣብቲ ኸባቢ ኸም ዘሎ ሰምዑ
እሞ ብቕልጡፍ ንጴጥሮስ ናብ
ኢዮጴ ኺመጽእ ጸውዕዎ፡
ኣብቲ ደርቢ ምስ በጽሐ እተን
መበላልት ነቲ ዶርቃስ
ዝሰርሓሎም ክዳውንቲ
ኣርኣይኦ፡ እቲ ኣብኡ ዝነበረ
ሰብ ድማ ኩሉ ይበኪ ነበረ ።

ጴጥሮስ ግና ንዅሉ ሰብ ካብቲ ገዛ
ምስ ኣውጽኦ ተንበርኪኹ ጸለየ፡
ናብቲ ሬሳ እንዳጠመተ ድማ
"ዶርቃስ ተንስእ" በለ፡ ንሳ ድማ
ኣዒንታ ኸፈተት፣ ንጴጥሮስ ምስ
ረኣየቶ ኸኣ ኮፍ በለት።





ኢዱ ሰዲዱ ድማ ኣልዓላ፣
ንቐዱሳን (ክርስትያናት)
ከምኡውን ነተን መበላልት
ጸዊዑ ድማ ብህይወታ ኣቕረባ፡
ኣብ ኩላ ኢዮጴ ድማ እዚ ነገር
ተፈልጠ ብዙሓት ከኣ
ብጐይታ ኣመኑ።

ጴጥሮስ ኣብ ኢዮጴ ኣብ ጥቓ ባሕሪ ኣብ እትርከብ ገዛ ንነዊሕ እዋን ጸንሐ፡ ሓደ መዓልቲ ጴጥሮስ ኪጽሊ ናብ ላዕላይ ደርቢ ደየበ፡



ንመካበብያ እታ ኸተማ እንተ ዚርእዮ ነይሩ ሰለስተ ተጓዓዝቲ ኺረኽብዎ ኺመጹ ኸለዉ ምረኣየ ነይሩ።

እዞም ሰባት እዚኣቶም ኣገልገልቲ ናይቲ ንኣምላኽ ዘምልኽ ቆርኔሌዎስ ዝበሃል ሮማዊ ወተሃደር ኢዮም ነይሮም፣ ቆርኔሊዎስ ንጴጥሮስ ኪረኽብዎ ንገላዉኡ ለኣኾም ምኽንያቱ ድማ ሓደ መልኣኽ ብራእይ



‘’ንጰጥሮስ ዝበሃል ስምኦን ጸውዓዮ’’ ንሱ ምስቲ ኣብ ጥቃ ባህሪ ዝነብር ቆርበት ዘልፍዕ ስምዖን ዝበሃል ሰብኣይ ኢዩ ጋሻ ኮይኑ ተቀሚጡ ዘሎ፣ እንታይ ከም እትገብር ድማ ንሱ ክነግረካ ኢዩ በሎ።


ጴጥሮስ ኣብቲ ላዕላይ ደርቢ ኾይኑ እንዳጸለየ ኣምላኽ ራእይ ብራእይ፡ ናብ ምድሪ ዚወርድ ዓብዪ ነጻላ ዝመስል ነገር ናብ ምድሪ ወረደ፡ ኣብዚ ነጻላ ድማ ኣርባዕተ ዝመሓውሮምን፡ ኣዕዋፍን እንስሳታት ረኣየ፡ ጳጥሮስ እዞም እንስሳታት "ርኹሳት" ምንባሮም ክግንዘብ ክኢሉ ኢዩ፡ እዚ ማለት ከኣ ሃይማኖታውያን ኣይሁድ ኪበልዕዎም ዘይፍቀደሎም ኢዮም ነይሮም፡ ብሃንደበት ድማ ሓደ ድምጺ ከምዚ ክብል ሰምዐ "ጴጥሮስ ተንስእ እሞ ሓሪድካ ብልዕ ዝብል።




ጴጥሮስ ድማ ጎይታ ኣይፋል፡ ርኹሰን ዘፈንፍንን ዘበለ በሊዐ ኣይፈልጥን እየ፡ በሎ። ንኻልኣይ ግዜ ድማ እቲ ድምጺ ተዛረቦ፡ "ነቲ ኣምላኽ ዘንጽሆ ርኹስ ኣይትበሎ በሎ፡ እዚ ነገር ድማ ሰለስተ ግዜ ተደጋገሞ፡ ብድሕሪኡ እቲ ነጸላ ከም ብሓድሽ ናብ ሰማይ ተወሰደ።



ጴጥሮስ እቲ ራእይ እንታይ ምኳኑ ኣይተረድኦን። ኪሓስብ
ብዛዕባኡ እንዳሓሰ ከሎ ድማ ኣምላኽ ሰለስተ ሰብኡት ከም
ዚደልይዎን ምሳታቶም ኪኸይድ ከም ዘለዎን ነገሮ ።
እቶም ሰለስተ ሰብኡት ንጴጥሮስ መልኣኽ
ንቀርኔሌዎስ ክሰዶም ከም ዝነገሮ ምስ
ነገርዎ ጴጥሮስ ኣምላኽ ይመርሖ
ኸም ዘሎ ፈለጠ። ንጽብሒቱ
ምስ ሽዱሽተ ኣዕሩኹን
ናብ ቤት ቀርኔሌዎስ ከዱ።








ምናልባት ውን ጳጥሮስ ናብ ቤት
ሓደ ኣይሁዳዊ ዘይኰነ ሰብኣይ
ኪኸይድ ከሎ፡ ኣምላኽ
ንኹሎም ሰባት ከም ዜፍቅሮም
ማለት ኣምላኽ ኵሎም ኣህዛብ
ንኢየሱስ መድሓኒ ዓለም ምኧኑ
ኺፈልጡ ኸም ዘደልዮም
ኪርዳኦ ጀመረ፡ ጴጥሮስ ኣብኡ
ምስ በጽሐ ቀርኔሌዎስ ኣብ
ቅድሚኡ ተዲፊኡ ሰገደ።

ጴጥሮስ ድማ ን ቆርኔሌዎስ "ተንስእ" ኣነ ንባዕለይ እውን ሰብ እየ" በሎ፡ ሽዑ ንኾሎም እቶም ኣብታ ቤት ዝነበሩ ህዝቢ "ሓደ ኣይሁዳዊ ምስ ሓደ ኻብ ካልእ ህዝቢ ኺጽምበ ወይ ድማ ናብ ቤቱ ክኣቱ ዘይፍቑድ ምዃኑ ትፈልጡ ኢኹም" በሎም። "ኣምላኽ ግና ንሓደ ሰብ እኳ ተራ ወይ ርኹስ ክብል ከም ዘይብለይ ኣርእዩኒ እዩ።



ጴጥሮስ ነዞም ኣህዛብ (ኣይሁድ ዘይኰኑ) ብዛዕባ እቲ ኣብ መስቀል ዝሞተ እሞ እንደገና ተንሲኡ መድሓኒ ዓለም ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ነገሮም፡ ድሕርዚ መንፈስ ቅዱስ ልክዕ ከምቲ ኣብ ጽንጠቆስጠ ዘጋጠመ ኣብ ልዕሊ ኹላቶም እቶም ሰባት ወረደ እሞ ንኣምላኽ ክውድስዎ ጀመሩ፡ እቶም ሸዱሽተ ኣይሁዳውያን ኣዕሩኽ ጴጥሮስ በዚ ነገር ተገረሙ፡ ውህበት መንፈስ ቅዱስ ኣብ ኣህዛብ ውን ይወርድ ኢዩ። ድሕሪኡ ጴጥሮስ ነቶም ብ ኢየሱስ ዝኣመኑ ሓደሽቲ ሰባት ኣጥመቆም።



እቶም ኣብ ኢየሩሳሌም ዝነበሩ ክርስትያን ጴጥሮስ ንኣህዛብ ስለ ዝበጽሖም ገንሖዎ፡ ጴጥሮስ ግን ብዛዕባ እቲ ንሱን ቆርኔሌዎስን ብጸሎት ዝተዋህቦም ራእይ ምስ ነገሮም፡ እዚ ምስ ሰምዑ ግን ስቕ በሉ፡ ነቲ በዚ ጸሎት ኣቢሉ ፍቕሩ ንኹሉ ሰብ ምኧኑ ዘርኣየ ኣምላኽ ድማ ክብሪ ሃቡ፡



# ጴጥሮስን፡ ናይ ጸሎት ሓይልን

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ግብሪ ሃዋርያት 9-12

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፤130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3፡16